# ስውኣትና ዝቕስኑ ዘቕስኖም ምስ እንሰርሕ ጥራሕ እዩ

**መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ - 20 ሰነ 2004**

ሎሚ ውን ከም ወትሩ ፡ ነዞም ዓመት ዓመት ኣብ ዕስራ ሰነ ብእውጅ መገዲ ንዝክሮም ዘለና ጀጋኑ ስውኣትና፡ ብሳላኹም ብርሃን ናጽነት ተጎናጺፍና ፡ ብሳላኹም ኮሪዕናን ተሓቢንና ኢና ። ብደምኩም ከም ህዝብን ሃገርን ኪንጽዋዕ በቒዕና ። ስለዚ ቅሰኑልና ኪንብሎም ኢና፡ ብርግጽ ግን ንሳቶም ሓንቲ ሕቶ ኪትህልዎም ኢያ ፡ ንሕና ኪንቀስን ዘቕስን ስራሕዶ ትሰርሑ ኣለኹም እትብል ሕቶ ።

ካብዛ ሕቶ እዚኣ ከኣ ፡-
ኣብ ማሕላኹምን መብጽዓኹምንዶ ጸኒዕኩም ኣለኹም? እታ ኣብ ዕሽል ንእስነትና ክቡር ደምናን ኣዕጽምትናን ዝኸስከስናላ ኤርትራኺ ከምቲ ዝሓለምናያን ዝተመነናያንዶ ትጓዓዝ ኣላ? ህዝብናኸ ርህዩዎ ዶ ይነብር ኣሎ? ዝብል ሕቶታት ኪፍልፍል ኢዩ ፡ ሽዑ መልስና እንታይ ኢዩ ኪኸውን ? ምኽንያቱ ሰማእታትና ካብ መብጽዓና ስድሪ ከምዘይንዝንብል እናተኣማመኑ ኢዮም ሓሊፎም ።

ስውኣትና ንርእሶም ከም ሽምዓ መኺኾም ብርሃን ወሊያምልና ፡ ስውኣትና ግዙእ ህዝቦም እፎይ ኢሉ ከስተንፍስን ካብ ኣደራዕ መግዛእቲ ንኺገላገልን ንነብሶም ከይሰስዑ ነብሶም መኒኖም ትንፋስ ሂቦሙና ። ስውኣትና ነቲ ዕሽል ግዜ ንእስነቶም ከይበቐቑ ብጃና ሓሊፎም ቀንዲል ወሊያም ኣረኪቦምና ።

እዛ ወሊያም ዘረከቡና ቀንዴል ዓይንና እናረኣየ ከይትጠፍእ ፡ እዛ ከም ስምዒ መኺኾም ዘብርሁልና ብርሃን ርኢና ከይንስእና ብማሕለኦም ተቐይድናዶ ሕድሮም ነተግብር ኣለና? ነፍሲ ወከፍና ንገዛእ ነብስና ኪንሓታ ዘለና ሕቶ ኢዩ ።

እቶም ኣብ ፈቐዶ ኣብያተ ማእሰርቲ ደርግ ንብጾቶም ኣሕሊፎም ከይህቡ፡ ምስጢሮም ኣብ ባሕሪ ከብዶም ቀቢሮም ንኹሉ ዓይነት ኣሰቃቒን ኣነዋርን መርመራ ጸላእቲ ተጻዊሮም ፡ ዝድብዩላ ጉድጓድ ብብሩህ ፍሽኽታ ፈሒሮም ዓወት ንሓፋሽ እናበሉ ዝሓለፉ ጀጋኑ ፡ ደሞም ዝነጠቦ ኣብያተ ማእሰርቲ ድሕሪ ናጽነት ኣብያተ ትምህርትን ሕክምናን ከምዝኸውን እናተኣማመኑ ኢዮም ሓሊፎም ። መቓልሕ ቃንዛኦም ዘቃለሐ ጎዳጉዲ ሰንበልን ጸጸራትን ዳግም ስቓይ ዜጋታቶም ፡ ስቓይ ሽማግለታት ወለዶም ፡ ስቓይ ናእሽቱ ኣሕዋቶም ኪሰምዕ ከምዘይኮነ ስለ ዝኣመኑሉ ኢዮም ንሞት ብፍሽኽታ ተቐቢሎማ ።

እቶም ውድባዊ ዕማማቶም እናፈጸሙ ብስልኪ ዝተሓንቁ ኣብ ጎዳጉዲ ቁሸት ብጃምላ ዝተደፍኑ ፡ እቶም ጸላኢ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር መሰእተዎም ህይወት መቓልስቶም ከድሕኑ እናረኣዩን እናሰምዑን ሳይናይድ ከኒና ብምውሳድ ርእሰ መስዋእቲ ዝፈጸሙ ሰማእታትና ድሕሪ ናጽነት ዜጋታቶም ብገዛእ ስርዓቶም ብምሉቕ ምሉቕ ዚጠፍኡ ምኺኖም እንተዝግምቱ ፡ ብመስዋእቶም ዓሰርተ ሳዕ ምተጣዕሱ ።

እቶም ኣብ ፈቐድኡ ዓውደ ኩናት ኪትኣምኖ ብዘጸግም ፍቕሪ ሃገርን ህዝብን ፡ ኣነ ኪስዋእ ንስኻ ጽናሕ እናተባሃሃሉ ጽዋእ መስዋእቲ ዝተቐበሉ፣ እቶም ኣብ ትሕቲ ኣኻውሕን ኣግራብን ካብ ዝተደኮነ ተንቀሳቓሲ ሕክምና ቁስሎም ከየሕወዩ ፡ ስቓይ

ህዝቦም ከሕጽሩ ናብ ርሱን ዓውደ ውግእ ብምእታው ዝተሰየፉ ጀጋኑና ፣ ስቓይን መከራን ህዝቦም ከኸትም እምበር ፡ ብድሕሪኦም ውግእን ወረ ውግእን ኪቕጽል ፡ ህዝቦም ብመላኺ ስርዓት ኪርገጽን ኪዕምጸጽን ሓሊሞም ኣይፈልጡን ኢዮም ።

ሰማእታትና ንራህዋ መላእ ህዝቢ እምበር ንምቾትን ጠቕምን ውሑዳት ሰበስልጣናት ኣይወደቑን ። ሰማእታትና ኣብ ትሕቲ መሬት ኮይናም ህዝቦም ኪጸሩ እምበር ስቓይ ህዝቦም ከምርሩ ፡ መቑሕ ህዝቦም ከትርሩ ኣይሓለፉን ። ሰማእታትና ወሊዶም ዘዕበዩዎም ወለዶም ኪጥወሩ ፡ ዝዘኽተሙ ደቆም ክዝከሩን ኪኸበሩን' ምበር ፡ "ዓለም ንዘሎን ንዘለዎን ኢያ " ኢሎም ከስተማስሉ ኣይሓለፉን ።

ሰማእታትና ቀቅድሚታ ዝወደቑላ ደቒቕ ፡ እታ ኣብ መቓብሮም እትህነጽ መጻኢት ሓዳስ ኤርትራ ሰላምን ቅሳነትን ዝዓሰላ ፣ ህዝባ ብፍቕርን ስኒትን ማሚቑ ኮሪዑ ዝነብረላ ፣ ምስ ጎረባብታ ተሳንያን ተፋቒራን እትነብር ፣ መመሰሊት ስልጣኔን ብልጽግናን ፡ መመሰሊት ሰላምን ርግኣትን ፍትሕን ዕቤትን እትኸውን ኤርትራ እናሓሰቡ ኢዮም ተደብዮም ። ነዛ በንጻርዚ ኩሉ እትግለጽ ዘላ ናይ ሕጂ ኤርትራ ክብሉ ግን ዕሸል ህይወቶም ኣይከፈሉን ።

እንተኾነ እቲ ስርዓት ንውልቃዊ ድምጹ እምበር ድምጺ ህዝቢ ኪሰምዕ ኣይደፈረን ። ብሳዕቤኑ ድማ ብቐጻሊ ጌጋ ኣብ ርእሲ ጌጋ ይፍጽም ኣሎ ። ናይ ብሓቒ መንፈስ ስውኣትና ክቐስን እንተኾይኑ ግን፡ ነታ ስውኣትና ዝወደቑላን ዝተመነዩዋን ሓዳስ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ኪሃንጽ፡ ንኣካይዳኡን ምሕደራኡን ፈቲሹ ጌጋታቱ ፈዊሱ፡ ድምጽን ትርግታን ህዝቢ ሰሚዑ፡ ማእዝኑ ኣስተኻኺሉ ንሃገራዊ ድሕነትን ዓወትን ኪሓስብ ስልጣን ድማ ንህዝቢ ከረክብ ይግባእ ። ሰማእታትና ሽዑ ኢዮም ዝቐስኑ!

ቦርድ ኤርትራውያን ንሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት - ዓባይ ብሪጣንያ
www.ehdr.org.uk
info@ehdr.org.uk